
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



## እቶም ዘይዕጸፉ ሰባት

ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Jonathan Hay

ኣወሃሃዲ፣ Mary-Anne S.

ተርጋሚ፡- ተስፋኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ንጉስ ነቡካድነጻር ዓቢ ናይ ወርቂ
ሓወልቲ ሰርሐ፡ እቲ ሓወልቲ ካብ
ርእሱ ክሳዕ እግሩ ወርቂ እዩ ነይሩ፣
ምናልባት እቲ ንጉስ ነቲ ኣምላኽ እታ
ወርቃዊት መንግስቱ ንዘልኣለም ከም
ዘይትነብር ኢሉ ብሕልሚ ዝተዛረቦ
ረሲዕዎ ክኸውን ይክእል ኢዩ ወይ
ውን ሙሉእ ብሙሉእ ብወርቂ
ዝተሰርሐ ሓወልቲ እንተ ተኸልኩ
ሽዑ እቲ ኣብ ሕልሙ ዘሎ ቃል
እግዚኣብሔር ኣይክፍጽምን
ኢዩ ኢሉ ሓሲቡ ይኸውን።



ሓደ ኻብ ኣገልገልቲ ንጉስ ድም ነዚ ትእዛዝ ንኹሉ እቲ ህዝቢ ኣንበቦ፡ “ተንበርኪኽኩም ነቲ ወርቃዊ ሓወልቲ ስገድዎ ... እቲ ተንበርኪኹ ዘይሰግደ ድማ ኣብ ማእከል ዝነድድ እቶን ሓዊ ኪድርበ እዩ።



ኩሉ ሰብ ከምቲ ንጉስ ዝኣዘዞ ገበረ ብዘይካ ሰለስተ ሰባት፡ ንሳቶም ድማ እብራውያን እዮም፡ ሲድራቅ፡ ሚሳቅን፡ ዓብድኔጎን ዝበሃሉ ኢዮም፡ ኣዕሩኽ ዳንኤል ውን እዮም፡ ዳንኤል ኣብቲ ቦታ ምስኦም ዝነበረ ኣይመስልን፡

ብርግጽ ዳንኤል ውን ነቲ ሰብ ዝሰርሖ ጣኦት ኣይምሰገደን ነይሩ።




እቶም መማኽርቲ ንጉስ እቲ ንጉስ ንዳንኤልን ኣዕርኹቱን ይፈትዎም ስለ ዝነበረ ይቐንኡ ነበሩ፡ ስለዚ ድማ ዎ ንጉስ "ኣብ ልዕሊ ኣውራጃ ባቢሎን ገዛእቲ ጌርካ ዘቐመጥካዮም ሰለስተ ሰባት ኣለዉ፡ ሲድራቕን ሚሳቕን ዓብድኔጎን ዝበሃሉ፡ እዚኣቶም ን ንጉስ ኣይእዘዙን፡ ኣየገልግሉን ኢዮም፡ ኣማልክትኻ ኣየምልኹን፡ ነቲ ዘቆምካዮ ሓወልቲ ውን ኣይሰግዱን ኢዮም በልዎ።






ንጉስ ነቡካድነጻር ብቑጥዓ ተመልአ፡ "እንተ ዘይሰግድኩም ናብ ማእከል ዝነድድ እቶን ሓዊ ክትድርበዩ ኢኹም፡ ኣየናይ ኣምላኽከ እዩ ካብ ኢደይ ዜድሕነኩም’ከ፡ ድማ በሎም።


እቲ ንጉስ ዓቢ ጌጋ እዩ ዝፍጽም ነይሩ፡ ብሓቂ ድማ ነቲ ህያው ኣምላኽ ይፈታተኖ ነይሩ፡ እቶም ሰለስተ እብራውያን ግን ንሓወልቲ ምምላኽ ኣንጻር ሕጊ ኣምላኽ ምዃኑ ይፈልጡ ነበሩ፡ ጸኒዖም ድማ ደው በሉ፡ ንኣምላኽ ስለ ዝኣመኑ ድማ ንንጉስ ኣይፈርሁን።



እዞም ሰለስተ ተባዓት ሰባት ድማ ንንጉስ መልሲ ነይርዎም፡ "እቲ እነገልግሎ ኣምላኽና ካብቲ ዝነድድ እቶን ሓዊ ኬድሕነና ይኽእል እዩ፡ እንተ ዘይኰይኑ ግና፡ ዎ ንጉስ ስማዕ፡ ንኣማልኽትኻ ከም ዘይነገልግል፡ ነቲ ዘቖምካዮ ወርቃዊ ሓወልቲ ውን ከም ዘይንሰግድ ፍለጥ፡ በልዎ።



ንጉስ ነቡካድነጻር ኣዝዩ
ተቖጢዑ! ነቲ እቶን ካብቲ
ልሙድ ሸውዓተ ዕጽፊ
ክነድድ ከም ዘለዎም ኣዘዘ፡
እንተኾነ ግን እዞም ሰባት
ኣይሰገዱን።



እቲ ንጉስ ኣብ ሰራዊቱ ዝነበሩ ጀጋኑ ሰባት ንሲድራቕ፡
ሚሳቕን፡ ዓብድኔጎን ኣሲሮም ናብቲ ዝነድድ
ዝነበረ እቶን ሓዊ
ኺድርብይዎም ኣዘዘ።



እቲ እቶን ኣዝዩ ስለ ዝነደደ እቶም ንሲድራቕን ሚሳቕን ዓብድኔጎን ናብ ሓዊ ዝደርበዩ ሰባት በቲ ረስኒ ተቐቲሎም።



ንጉስ ካብ ውሑስን ርሑቕን ቦታ ኮይኑ ይዕዘብ ነበረ፡ እቶም ሰለስተ ሰባት ልክዕ ናብ ማእከል እቲ ዝነድድ ዝነበረ እቶን ኪድርበዩ ረኣየ፡ ግን እዚ ጥራይ ኣይኰነን ዝረኣየ።



ንጉስ ነቡካድነጻር ተገረመ! "ሰለስተ ዝተኣስሩ ሰባት
ናብ ማእከል ሓዊ ኣይደርበናን ዲና?" ኢሉ ነቶም
ኣገልገልቱ ሓተቶም። "እወ" ኢሎም
መለሱሉ። ንሱ ድማ "እንሆ!
ኣርባዕተ ሰባት ተፈቲሖም፡
ኣብ ማእከል ሓዊ ኺመላለሱ
እርኢ ኣለኹ፡ እቲ ሓዊ
ድማ ኣይጐድኦምን፡
እቲ ራብዓይ ድማ ከም
ወዲ ኣምላኽ እዩ!"



እቲ ንጉስ ናብ ኣፍደገ እቲ ዝነድድ ዝነበረ እቶን እናቐረበ፡ "ስድራቅ ሚሳቅን ዓብድኔጎን ኣገልገልቲ እቲ ልዑል ኣምላኽ ናብዚ ውጹ በሎም፡ “ሽዑ፡ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን ካብቲ እቶን ሓዊ ወጹ።



ኩሉ ሰብ ኣብ እቶም ሰለስተ እብራውያን ተኣኪቡ መርመሮም፡ እቲ ሓዊ ንምንዳዶም ሓይሊ ከም ዘይነበሮ ድማ ተዓዘቡ፡ ጸጉሮም ርእሶም ኣይተተንከፈን ክዳውንቶም እውን ኣይነደደን፡ ሽታ ሓዊ እኳ ኣብ ልዕሊኦም ኣይነበረን።



ንጉስ ነቡካድነጻር እንታይ ከም ዘጋጠመ ምስ ተረድአ ኣዝዩ ጥበብ ዘለዎ ነገር ገበረ፡ ጸለየ፣ "እቲ መልኣኹ ዝለኣኸን ብእኡ ዝተኣመኑ ኣገልገልቱ ዘናገፈን ኣምላኽ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን ይባረኽ" ኢሉ ጸለየ።



እቶም ዘይዕጸፉ ሰባት

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዳንኤል 3

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቒ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፥16